IslamHouse.com

ثلاثة الأصول وأدلتها

Muhammad At-Tamimi

እተን ሰለስተ መሰረታት ምስ መርትዖታተን

ኣስናዲ
ሸኽ መሓመድ ቢን ሱለይማን ኣተሚሚ
(ረሒ. ደርሖመሁ)

ትርጉም
ቤት ጽሕፈት ምትሕግጋዝ ዳዕዋን ሓበሬታን
ምንቃሕ ማሕበረ ኮማትን ኡመልሓማም

Kingdom of Saudi Arabia
The Cooperative Office For Call And Guidance
To Communities at Um AL- Hammam
Under The Supervision Of The Ministry Of Islamic Affairs
Endowment Guidance & Propagation
Tel. 4826466 / 4884496 Fax 4827489 - P.O. Box 31021 Riyadh 11497

39

እተን ሰለስተ መሰረታት
ምስ መርትዖታተን

ኣሰናዳኢ

ሸኽ/ሙሓመድ ቢን ሱለይማን ኣተሚሚ
(ረቢ ይርሓመሉ)

ትርጉም

ቤት ጽሕፈት እስላማዊ ጻውዒት ኡመልሓማም

ⓗ المكتب التعاوني للدعوة والإرشاد وتوعية الجاليات بأم الحمام، ١٤٢٤ هـ

فهرسة مكتبة الملك فهد الوطنية أثناء النشر

التميمي محمد بن عبد الوهاب بن سليمان

الاصول الثلاثة وادلتها . / محمد بن عبد الوهاب بن سليمان التميمي؛ صالح سعيد عمر .- الرياض، ١٤٢٤ هـ

٤٨ ص، ١٢×١٧ سم

ردمك : ٤ ـ ٨ ـ ٩١٨٠ ـ ٩٩٦٠

(النص باللغة التجرينية ـ اريتريا)

١ ـ العقيدة الإسلامية ٢ ـ التوحيد أ. عمر، صالح سعيد (مترجم) ب . العنوان

ديوي ٢٤٠ ١٤٢٤/١٤٧٦

رقم الإيداع : ١٤٧٦ / ١٤٢٤

ردمك : ٤ ـ ٨ ـ ٩١٨٠ ـ ٩٩٦٠

"حقوق الطبع محفوظة"

للمكتب التعاوني للدعوة والإرشاد

وتوعية الجاليات بأم الحمام

الطبعة الأولى

١٤٢٤هـ ـ ٢٠٠٣م

المملكة العربية السعودية

المكتب التعاوني للدعوة والإرشاد وتوعية الجاليات بأم الحمام

تحت إشراف وزارة الشئون الإسلامية والأوقاف والدعوة والإرشاد

ت: ٤٨٢٦٤٦٦ فاكس ٤٨٢٧٤٨٩ ص.ب ٣١٠٢١ الرياض ١١٤٩٧

٣٩

بسم الله الرحمن الرحيم

بسم الله الرحمن الرحيم

الأصول الثلاثة وأدلتها
እተን ሰለስተ መሰረታት ምስ መርትዖታተን

ክቡር ሓወይ ኣላህ ርህራሄኡ የውርደልካ: ነፍሰ ወከፍና ነዚን ዝስዕባ ኣርባዕተ ነገራት ክንመሃረንን ክንፈልጠንን ክምዝግበኣና ፍለጥ:: ንሳተን ድማ:-

ቀዳማይ= ኣልዒልም (ፍልጠት)፥ እዚ ማለት ሓደ ሰብ ብደሊል (መርትዖ) ብዝተደገፈ ኣገባብ ንኣላህ ንነብዩን ﷺ ንሃይማኖት እስልምናን ክፈልጥ፣

ካልኣይ= በቲ ዝተማህሮ ፍልጠት ክሰርሕ፣

ሳልሳይ= ንደቅ-ሰባት ናብ እስልምና ክዕድምን ክጽውዕን፣

ራብዓይ= ነቲ ጻውዒት (ዳዕዋ) ክካይድ እንከሎ ንዘጋጥሞ ዕንቅፋት ብትዕግስቲ ክጻወርን'የን::

ነዚ መርትዖ ዝኸውን ኣላህ ኣብ ሱረቱል ኣልዓስር፥

وَٱلۡعَصۡرِ ۝١ إِنَّ ٱلۡإِنسَٰنَ لَفِي خُسۡرٍ ۝٢ إِلَّا ٱلَّذِينَ ءَامَنُواْ وَعَمِلُواْ ٱلصَّٰلِحَٰتِ وَتَوَاصَوۡاْ بِٱلۡحَقِّ وَتَوَاصَوۡاْ بِٱلصَّبۡرِ ۝٣

﴿ብዘመን እምሕል ኣለኹ: ብርግጽ ወድ-ሰብ ዘበለ ኩሉ ኣብ ጥፍኣት'ዩ ዝርከብ እንትርፈ እቶም ዝኣመኑን: ሰናይ ተግባራት ዝሰርሑ: ብሓቂ(ብእምነት)ዝመኻኸሩን(ዝላበዉን) ብትዕግስቲ ዝመኻኸሩን ሰባት ጥራይ እዮም: ካብዚ (ጥፍኣት'ዚ) ዝድሕኑ﴾ ይብል::

ብዛዕባ እዛ ሱራ'ዚኣ ኢማም ኣሻፊዒ ረቢ ይርሓመሎም፥ «ኣላህ ናብ ፍጡራቱ ብዘይካ እዛ ሱራ'ዚኣ ካልእ ዘየውረደ ኔሩ እንተዝኸውን እዚኣ ምኣኽለቶም ኔራ» ይብሉ::

ኢማም ኣልቡኻሪ ረቢ ይርሓመሎም ኣብ ኪታቦም:- «ፍልጠት ቅድሚ ቃልን ተግባርን » ዝብል ምዕራፍ ምስ ኣስፈሩ: ናይዚ መርትዖ ኣላህ ኣብ ሱረት ሙሓመድ ኣያ 19፥

فَٱعْلَمْ أَنَّهُۥ لَآ إِلَـٰهَ إِلَّا ٱللَّهُ وَٱسْتَغْفِرْ لِذَنۢبِكَ وَلِلْمُؤْمِنِينَ وَٱلْمُؤْمِنَـٰتِ ۗ

«ኦ ሙሓመድ እነሀልካ ብዘይካ ኣላህ ካልእ ዝምለኽ ጎይታ ከምዘየለ ፍለጥ: ንዘንብኻን ንዘንቢ ምእመናን ምሕረት ለምኖ» ይብል ምስ በሉ ቀጺሎም «ኣላህ ኣብዛ ኣያ'ዚኣ ቅድሚ ቃልን ተግባርን ብፍልጠት ጀሚሩ» ይብሉ::

ክቡር ሓወይ ኣላህ ርህራህ ናቱ የውርደልካ: ነፍሲ-ወከፍ ኣስላማይ ወድ ተባዕታይ ይኹን ጓል ኣንስተይቲ ነዚን ዝስዕባ ስለስተ ነገራት ክመሃረንን ኣብ ተግባር ክውዕለንን ግዴታኡ ምዃኑ ፍለጥ :-

ቀዳማይ: ኣላህ ፈጢሩና: ሸሻዩ ሂቡና ከብቅዕ ስቕ ኢሉ ዘርጦ ዘርጦ ኣይገደፈናን: እኳ ደኣ ልኡኽ ሊኢኹ: ነቲ ልኡኽ ዝተኣዘዘ ንጀና ከምዝኣትው: ንትእዛዙ ዘይፍጽም ንጀሃነም ከምዝኣቱ ገይሩ:: ናይዚ መርትዮ ኣላህ ኣብ ሱረቱል ሙዘሚል ኣያ 15 ን 16 ፥

إِنَّآ أَرْسَلْنَآ إِلَيْكُمْ رَسُولًا شَـٰهِدًا عَلَيْكُمْ كَمَآ أَرْسَلْنَآ إِلَىٰ فِرْعَوْنَ رَسُولًا

«ንሕና ከምቲ ናብ ፈርየን ልኡኽ ዝለኣኽና: ናባኻትኩም'ውን ኣብ ልዕሌኹም ዝምስክር: ልኡኽ ልኢኽናልኩም ኣሎና: ፈርየን ንዝለኣኽናዮ ልኡኽ ኣይተኣዘዘን: ብርቱዕ ኣተሓሕዛ ድማ ሒዝናዮ» ይብል።

ካልኣይ: ኣላህ ወላ'ውን ናብኡ ኣዝዩ ዝቐረባ መላኢካ ይኹን ዝተላእከ ነብይ ኣብቲ ናቱ ኣምልኾት (ዒባዳ) ዝሻረኾ ፈጺሙ ኣይፈቱን እዩ: ነዚ መርትዖ ዝኸውን ኣላህ ኣብ ሱረቱል ጂን ኣያ 18 ፦

وَأَنَّ ٱلْمَسَـٰجِدَ لِلَّهِ فَلَا تَدْعُوا۟ مَعَ ٱللَّهِ أَحَدًا ﴿١٨﴾

«መሳጊድ እኮ ንኣምልኾት ናይ ኣላህ ጥራይ'ዮም ተሃኒጾም: ምስ ኣላህ ወላ ሓደ'ውን ይኹን ኣይትጸውዑ»ይብል።

ሳልሳይ: እቲ ንረሱል ﷺ ዝተኣዘዘን ንኣላህ ንብሕቱ ዝተገዝኣን ሰብ ንኣላህን ንረሱልን ምስ ዝጻብኡ ሰባት ወላ'ውን ናብኡ ኣዝዮም ዝቐረቡ ኣዝማድ ይኹኑ ምስኦም ክተሓጋገዝ ኣይፍቀደሉን እዩ። ናይ'ዚ መርትዖ ድማ ኣላህ ኣብ ሱረት ኣል ሙጃደላ ኣያ 22 ፦

لَّا تَجِدُ قَوْمًا يُؤْمِنُونَ بِٱللَّهِ وَٱلْيَوْمِ ٱلْأَخِرِ يُوَآدُّونَ مَنْ حَآدَّ ٱللَّهَ
وَرَسُولَهُۥ وَلَوْ كَانُوٓا۟ ءَابَآءَهُمْ أَوْ أَبْنَآءَهُمْ أَوْ إِخْوَٰنَهُمْ أَوْ عَشِيرَتَهُمْ
أُو۟لَٰٓئِكَ كَتَبَ فِى قُلُوبِهِمُ ٱلْإِيمَٰنَ وَأَيَّدَهُم بِرُوحٍ مِّنْهُ

«ብኣላህን ብመጨረሻ መዓልትን ዝኣምኑ ሰባት: ንኣላህን ንረሱልን ዝጻብኡ ምስ ዝኾኑ ሰባት ወላ'ውን ኣቦታቶም ወይ ደቆም ወይ ኣሕዋቶም ወይ መቕረባ ኣዝማዶም'ውን ይኹኑ ምስኦም ዝፋተዉ ኮይኖም ኣይትረኽቦምን ኢኻ: እዚኣቶም ኣላህ እምነት ኣብ ልቦም ኣስፊሩሎም ብመንፈስ'ውን (ብቁርኣን) ሓጊዝዎም እዩ:» ይብል::

ክቡር ሓወይ ኣላህ ናብቲ ቅኑዕ መገዱ ይምራሕካ: እቲ ኣልሓነፊያ ዝተባህለ መንገዲ ነብይ ኢብራሂም ﷺ: ሃይማኖት ንሓደ ኣላህ ጥራይ ገይርካ ኣብ ኣምልኾት ፍጹም ኩንካ ንኣላህ ክትግዛእ እዩ:: ንኹሎም ደቂ-ሰባት'ውን ኣላህ በዚ ነገር'ዚ ኣዚዝዎምዩ:: ምእንቲ'ዚ ኢሉ'ውን ፈጢርዎም: ነዚ መርትዖ ዝኸውን ኣላህ ኣብ ሱረቱ ኣዝዛሪያት ኣያ 56

وَمَا خَلَقْتُ ٱلْجِنَّ وَٱلْإِنسَ إِلَّا لِيَعْبُدُونِ ﴿٥٦﴾

«ጋኔንን ሰብን ንዓይ ንብሕተይ ንኽግዝኡኒ ደኣምበር ንኻልእ ኣይፈጠርክዎምን» ዝብል ይኸውን።
«ክግዝኡኒ» ናይ ዝብል ቃል ትርጉም ድማ፥ ንዓይ ንብሕተይ ክግዝኡኒ፣ ዝኣዘዝኩዎም ክፍጽሙ፣ካብ ዝኸልከልኩዎም ድማ ክኽልከሉ ማለት እዩ። እቲ ዝዓበየ ኣላህ ዝኣዘዞ ነገር ተውሒድ እዩ። ተውሒድ ማለት ድማ ኣብ ዒባዳ ንኣላህ ንብሕቱ ክትግዝእ ማለት'ዩ። እቲ ዝዓበየን ዝኸበደን ኣላህ ዝሓረሞ ድማ ሽርኪ እዩ፡ ሽርኪ ድማ ምስ ኣላህ ካልእ ፍጡር ሓዊስካ ምምላኽ ማለት'ዩ፡ ነዚ መርትዖ ዝኸውን ኣላህ ኣብ ሱረቱ ኒሳእ ኣያ 36 ፦

۞ وَٱعْبُدُوا۟ ٱللَّهَ وَلَا تُشْرِكُوا۟ بِهِۦ شَيْـًٔا

«ንኣላህ ተገዝኡ ዝኾነ ነገር ምስኡ ሽርካ ኣይትሓውሱሉ» ዝብል ይኸውን።

እተን ኩሉ ሰብ ክፈልጠን ዝግበኦ ሰለስተ ዓበይቲ መሰረታት ኣየኖት እየን? እንተ ተባሂልካ

ዝኾነ ባርያ ረቢ:- <u>ፈጣሪኡ፣</u> <u>ሃይማኖቱን:</u> <u>ነቢዩኡ ሙሓመድﷺን</u> ምፍላጥ'ዩ በል።

☗ መን'ዩ ፈጣሪኻ? እንተተባሂልካ: ፈጣሪየይ ኣላህ'ዩ: እቲ ንዓይን ንኹሉ ኣብ ዓለም ዝርከብን ፍጥረታት በቲ ሰፊሕ ሽሻዩ ዝሓብሓበ ጎይታ: ንሱ'ዩ ጎይታይ ብዘይካኡ ካልእ ዘምልኾ የብለይን'ውን በል። ናይዚ መርትየ ዝኸውን ኣላህ ኣብ ሱረቱል ፋቲሓ፥

ٱلْحَمْدُ لِلَّهِ رَبِّ ٱلْعَٰلَمِينَ ﴿٢﴾

«ምስጋና ነቲ ፈጣሪ ኩለን ዓለማት ዝኾነ ኣላህ ይኹን» ይብል። ብዘይካ ሓደ ኣላህ ኣብዛ ዓለም'ዚኣ ዝርከብ ኩሉ ፍጡር'ዩ: ኣነ ድማ ሓደ ካብቶም ፍጡራት'የ።

☗ ንፈጣሪኻ ብምንታይ ፈሊጥካዮ? እንተተባሂልካ: ንፈጣሪየይ ብምልክታቱን ብፍጡራቱን ፈሊጠዮ:- ገለ ካብ ምልክታቱ፥ ለይትን ቀትርን: ጸሓይን ወርሕን: ካብ ፍጡራቱ ከኣ ሸውዓተ ሰማያትን ሸውዓተ መሬትን ኣብኣንን ኣብ መንጎኣንን ዝርከቡ ፍጡራትን'ዮም በል። ናይዚ መርትየ ዝኸውን ኣላህ ኣብ ሱረት ፉሲለት ኣያ 13 ፥

وَمِنْ ءَايَٰتِهِ ٱلَّيْلُ وَٱلنَّهَارُ وَٱلشَّمْسُ وَٱلْقَمَرُ ۚ لَا تَسْجُدُوا۟ لِلشَّمْسِ وَلَا لِلْقَمَرِ وَٱسْجُدُوا۟ لِلَّهِ ٱلَّذِى خَلَقَهُنَّ إِن كُنتُمْ إِيَّاهُ تَعْبُدُونَ ٣٧

«ለይትን ቀትርን: ጸሓይን ወርሕን: ገለ ካብ ምልክታቱ እየን: ንጸሓይ ይኹን ንወርሒ ኣይትስገዱ: ነቲ ነዐአን ዝፈጠረ ኣላህ ጥራይ ድኣ ስገዱ ብርግጽ ንዕኡ ትግዝኡ እንተደኣ ኬንኩም»:: ዝብልን ከምኡ'ውን ኣላህ ኣብ ሱረቱል ኣልኣዕራፍ ኣያ 54፦

إِنَّ رَبَّكُمُ ٱللَّهُ ٱلَّذِى خَلَقَ ٱلسَّمَٰوَٰتِ وَٱلْأَرْضَ فِى سِتَّةِ أَيَّامٍ ثُمَّ ٱسْتَوَىٰ عَلَى ٱلْعَرْشِ يُغْشِى ٱلَّيْلَ ٱلنَّهَارَ يَطْلُبُهُۥ حَثِيثًا وَٱلشَّمْسَ وَٱلْقَمَرَ وَٱلنُّجُومَ مُسَخَّرَٰتٍۭ بِأَمْرِهِۦٓ ۗ أَلَا لَهُ ٱلْخَلْقُ وَٱلْأَمْرُ ۗ تَبَارَكَ ٱللَّهُ رَبُّ ٱلْعَٰلَمِينَ ٥٤

«ጎይታኹም እኮ እቲ ኣብ ውሽጢ ሽዱሽተ መዓልቲ ሰማያትን መሬትን ዝፈጠረ ኣላህ'ዩ ብድሕሪ'ዚ ኣብ ዓርሺ ልዒሉ: ለይቲ ንቐትሪ ብቕልጡፍ ደልዩ(ከም) ዝሸፍኖ ጌርዎ (ቀትሪ'ውን ከምኡ): ጸሓይ ወርሕን ከዋኽብትን ድማ ብትእዛዙ(ከም) ዝንዓዛ ገይሩወን: እስኪ

ተበራበሩ ምፍጣርን ምእዛዝን እኮ ናይ ኣላህ ግደ ጥራይ'ዩ ጎይታ ኩለን ዓለማት ዝኾነ ኣላህ ተባረኸ ክብረቱ ለዓለ» ዝብል ይኸውን።

ረቢ ማለት፥ ጎይታ ወናኒ ካብ ዘይነበረ ናብ ህያው ነባሪ ዝፈጥር መግዛእቲ ንዕኡ ጥራይ ንብሕቱ ዝግበኦ ማለት እዩ። ናይዚ መርትዖ ዝኸውን ኣላህ ኣብ ሱረቱል ኣልበቐራ ኣያ 21ን 22፥

يَٰٓأَيُّهَا ٱلنَّاسُ ٱعۡبُدُواْ رَبَّكُمُ ٱلَّذِي خَلَقَكُمۡ وَٱلَّذِينَ مِن
قَبۡلِكُمۡ لَعَلَّكُمۡ تَتَّقُونَ ﴿٢١﴾ ٱلَّذِي جَعَلَ لَكُمُ
ٱلۡأَرۡضَ فِرَٰشٗا وَٱلسَّمَآءَ بِنَآءٗ وَأَنزَلَ مِنَ ٱلسَّمَآءِ مَآءٗ فَأَخۡرَجَ بِهِۦ
مِنَ ٱلثَّمَرَٰتِ رِزۡقٗا لَّكُمۡۖ فَلَا تَجۡعَلُواْ لِلَّهِ أَندَادٗا وَأَنتُمۡ تَعۡلَمُونَ ﴿٢٢﴾

«ኦ ደቂ ሰባት ካብ መቕጻዕቲ መታን ክትድሕኑ ነቲ ንዓ'ኻትኩምን ነቶም ቅድሜኹም ዝነበሩ ሰባትን ዝፈጠረ ጎይታኹም ተገዝኡ: ንሱ'ዩ እቲ ንዓ'ኻትኩም መሬት ምንጻፍ ሰማይ ከኣ ናሕሲ(ጽላል) ዝገበረልኩም: ንሱ'ዩውን ካብ ሰማይ ማይ ብምውራድ ብኡኡ ቀለብኩም ዝኾኑ ፍረታት ዘብቆለልኩም። ንስኻትኩም'ውን ኣላህ

ፈጣሪ ምዃኑ እናፈለጥኩም ተቃጻጺ ሽርካ ኣይትግበሩሉ» ይብል።

ኢብኒ ከሲር ረቢ ራሕመቱ የዉርደሎም «እዚ ነዞም ነገራት እዚኦም ዝፈጠረ ጎይታ ንሱ'ዩ ክምለኽ ዝግበኦ» ይብሉ። እቲ ኣላህ ዝኣዘዞ ዓይነት ናይ ዒባዳ ከም الإسلام እስልምና ፡ الإيمان ኢማን፡ الإحسان ሰናይ ግብሪ፡ الدعـاء ምልማን፡ الخوف ፍርሒ፡ الرجاءተስፋ ምግባር፡ التوكل ምዉካል፡ الرغبةትጽቢትን ሃረርታን ምግባር፡ الرهـبة ፍርሒ ምሕዳር፡ الخشـوع ምንብርካኽ ኩለንተናኻ ንኣላህ ምግባር ፡ الخشـية ትሕትናምግ ባር፡ الإنابـة ምምላስ (ቶባ ምባል)፡ الإسـتعانة ደገፍ ምሕታት፡ الإستعاذة ዑቅባ ምሕታት፡ الإستغاثة ረድኤት ምሕታት፡ الذبـح ምሕራድ፡ النذر መብጽዓ ምእታዉ ዝኣመሰሉን ካልእ ኣብዚ ዘይተጠቕሱ ዓይነት ናይ ዒባዳን ኣለዉ። ኩሉ እዚ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰን ካልእን ዓይነት ናይ ዒባዳ ብፍላይ ንኣላህ ጥራይ ዝግበር ዒባዳ እዩ። ናይዚ መርትዖ ድማ ኣላህ ኣብ ሱረቱል ጂን ኣያ 18፥

وَأَنَّ ٱلْمَسَـٰجِدَ لِلَّهِ فَلَا تَدْعُوا۟ مَعَ ٱللَّهِ أَحَدًا ﴿١٨﴾

«መሳጊድ እኮ ንኣምልኾት ናይ ኣላህ ጥራይ እዮም ተሃኒጾም፡ ምስ ኣላህ ወላ ሓደ'ውን ይኹን ኣይትጸውዑ (ኣይተምልኹ)» ዝብልን፡ ከምኡ'ውን ኣብ ሱረቱል ኢስራእ ኣያ 23፥

۞وَقَضَىٰ رَبُّكَ أَلَّا تَعْبُدُوٓاْ إِلَّآ إِيَّاهُ

«ጎይታኻ ንዕኡ እንተዘይኮይኑ ንኻልእ ኣይትገዝኡ ክብል ወሰነ» ዝብልን ይኸውን።

ሓደ ሰብ ካብቶም ንኣላህ ጥራይ ዝግብኡ ዒባዳታት ሓንቲ ካብኡ ንኣላህ ገዲፉ ኣብ ካልእ ዘዉዓለ ንሱ ሙሽሪክ፡ ምስ ኣላህ ካልእ ሽርካ ዝገብር ከሓዲ ብዉልቃዊ ኣምልኾት ናይ ኣላህ ዘይኣምን ዝብል ሑኩም(ውሳኔ) ይወሃቦ። ነዚ መርትዖ ዝኸውን ኣላህ ኣብ ሱረቱል ሙእሚኑን ኣያ 117፥

وَمَن يَدْعُ مَعَ ٱللَّهِ إِلَـٰهًا ءَاخَرَ لَا بُرْهَـٰنَ لَهُۥ بِهِۦ فَإِنَّمَا حِسَابُهُۥ عِندَ

رَبِّهِۦٓ ۚ إِنَّهُۥ لَا يُفْلِحُ ٱلْكَـٰفِرُونَ ﴿١١٧﴾

«መርትዖ ዘይብሉ እናሃለወ ምስ ኣላህ ካልእ ጎይታ ዝልምን (ዘምልኽ) ሰብ ሕሳቡ ምስ ኣላህ

ጥራይ ይኸውን: እነሆ ከሓድቲ ፈጺሞም ኣይድሕኑን'ዮም» ይብል::

ዱዓ ምግባር ዒባዳ ምኻኑ ዝገልጽ መርትዖ ኣላህ ኣብ ሱረቱል ቓፊር ኣያ 60 ፥

وَقَالَ رَبُّكُمُ ٱدۡعُونِيٓ أَسۡتَجِبۡ لَكُمۡۚ إِنَّ ٱلَّذِينَ يَسۡتَكۡبِرُونَ عَنۡ عِبَادَتِي سَيَدۡخُلُونَ جَهَنَّمَ دَاخِرِينَ ﴿٦٠﴾

«ጎይታኻ ለምኑኒ ክህበኩም: እቶም ካብ ልመናይ ዝዕበዩ ሰባት ግና ሕሱራት ኮይኖም ንጀሃነም ክኣትው እዮም በለ» ዝብል እዩ ::

ረሱል ﷺ ድማ ብወገኖም፥

((الدعاء مخ العبادة)) *رواه الترمذي*

«ዱዓ ጽሟቕ ናይ ዒባዳ እዩ» ይብሉ:: ኣብ ካልእ ዘረቦኦም ከኣ ረሱል ﷺ

((الدعاء هو العبادة)) *رواه الترمذي*

«ዱዓእ ንገዛእ ርእሱ ዒባዳ እዩ» ይብሉ::

☗ ፍርሒ (الخــوف)፥ ዒባዳ ምኻኑ ኣላህ ኣብ ሱረት ኣሊ ዒምራን ኣያ 175 ፥

وَخَافُونِ إِنْ كُنْتُمْ مُؤْمِنِينَ(175)

«ኣይትፍርሑዎም: ብሓቂ ምእመናን እንተደኣ ኰንኩም ንዓይ ጥራይ ፍርሑ»ይብል
☗ተስፋ ምግባር (الــرجاء)፥ ዒባዳ ምዃኑ ዝገልጽ ኣላህ ኣብ ሱረቱል ካህፍ ኣያ 110፥

فَمَن كَانَ

يَرْجُوا۟ لِقَآءَ رَبِّهِۦ فَلْيَعْمَلْ عَمَلًا صَـٰلِحًا وَلَا يُشْرِكْ بِعِبَادَةِ رَبِّهِۦٓ أَحَدًۢا ﴿١١٠﴾

«ምስ ጎይትኡ ክራኸብ ተስፋ ዝገብር ሰብ: ሰናይ ግብሪ ይስራሕ: ኣብቲ ኣምልኾት ናይ ጎይትኡ ድማ ሓደ'ውን ይኹን ሽርካ ኣይግበር» ይብል።
☗ተወኩል ምግባር (الــتوكل)፥ ዒባዳ ምዃኑ ዝገልጽ ኣላህ ኣብ ሱረቱል ማኢዳ ኣያ 23፥

وَعَلَى ٱللَّهِ فَتَوَكَّلُوٓا۟ إِن كُنتُم مُّؤْمِنِينَ

«ብሓቂ ምእመናን እንተደኣ ኰንኩም ናብ ኣላህ ተጸግዑ (ንኣላህ ተወከሉ)»ዝብልን ከምኡ'ውን ኣብ ሱረት ኣጠላቕ ኣያ 5፥

وَمَن يَتَوَكَّلْ عَلَى ٱللَّهِ فَهُوَ حَسْبُهُۥٓ

«ናብ ኣላህ ዝጽጋዕ(ዝዉከል) ሰብ ንሱ ይኣኽሎ» ዝበሎን ይኸዉን።

- الرغبة ሃረርታ(ትጽቢት ምግባር)
- الرهبة ፍርሒ ምሓዳርን:
- الخشوع ምንብርካኽን (ኩለንተናኻ ንኣላህ ምግባር)

ዒባዳ ምኺኖም ዝገልጽ መርትየ ኣላህ ኣብ ሱረቱል ኣንቢያእ ኣያ 90፦

إِنَّهُمْ كَانُواْ

يُسَٰرِعُونَ فِى ٱلْخَيْرَٰتِ وَيَدْعُونَنَا رَغَبًا وَرَهَبًا ۖ وَكَانُواْ لَنَا خَٰشِعِينَ

«ንሳቶም ሰናይ ግብሪ ኣብ ምስራሕ ዝቀላጠፉ (ዝቀዳደሙ) ብሃረርታን ብናይ ኣኽብሮት ፍርሕን ዝልምኑናን ንዓና ተንበርከኽትን እዮም ዝነበሩ» ኢሉ ኣላህ ነቶም ነዚ ነገር'ዚ ዝፍጽሙ ሰባት ይውድሶም።

☗ትሕትና ምግባር (ፍርሒ الخشية) ዒባዳ ምኳኑ ዝገልጽ መርትዖ ኣላሀ ኣብ ሱረቱል ኣልበቀራ ኣያ 150 ፥

فَلَا تَخْشَوْهُمْ وَٱخْشَوْنِى

«ኣይትፍርሕዎም ንዓይ ጥራይ ደኣ ፍርሑኒ» ይብል።

☗ምምላስ (ቶባ ምባል) الإنابة፥ ዒባዳ ምኳኑ ዝገልጽ መርትዖ ኣላሀ ኣብ ሱረቱ ዙመር ኣያ 54፥

وَأَنِيبُوٓاْ إِلَىٰ رَبِّكُمْ وَأَسْلِمُواْ لَهُۥ

«ናብ ጎይታኹም ተመለሱ፡ ንዕኡ'ውን ተኣዘዙ» ይብል።

☗ደገፍ ምሕታት الاستعانة፥ ዒባዳ ምኳኑ ዝገልጽ መርትዖ ኣላሀ ኣብ ሱረቱል ፋቲሓ ኣያ 5፥

إِيَّاكَ نَعْبُدُ وَإِيَّاكَ نَسْتَعِينُ ﴿٥﴾

«ንዓኻ ጥራይ ንግዛእ ካባኻ ድማ ደገፍ ንደሊ»
ዝበሎን: ረሱልﷺ ከኣ ኣብ ዘረቦኦም ፥
((إذا استعنت فاستعن بالله)) الترمذي
«ደገፍ እንተደሊኻ ካብ ኣላህ ጥራይ ደገፍ ድለ» ዝበልዎን ይኸውን።
☗ዑቕባ ምሕታት الاستعاذة ፥ ዒባዳ ምኻኑ ዝገልጽ መርትዖ ኣላህ ኣብ ሱረቱ ናስ ኣያ1-2፥

قُلۡ أَعُوذُ بِرَبِّ ٱلنَّاسِ ۝١ مَلِكِ ٱلنَّاسِ ۝٢

«በቲ ንደቂ-ሰባት ዝፈጠረን ወናኒኦም ዝኾነ ጎይታ እዕቆብ ኣለኹ በል» ይብል።
☗ረዲኤት ምሕታት الاستغاثة ፥ ዒባዳ ምዃኑ ዝገልጽ መርትዖ ኣላህ ኣብ ሱረቱል ኣንፋል ኣያ 9፥

إِذۡ تَسۡتَغِيثُونَ رَبَّكُمۡ فَٱسۡتَجَابَ لَكُمۡ أَنِّي مُمِدُّكُم بِأَلۡفٖ مِّنَ ٱلۡمَلَٰٓئِكَةِ مُرۡدِفِينَ ۝٩

«ንጎይታኹም ረዲኤት ዝሓተትኩሙሉን ንሱ ከኣ ተኸታተልቲ ብዝኾኑ ሽሕ መላኢካታት

ክሕግዘኩም እየ ክብል ዝመለሰልኩም እዋንን ዘከሩ» ዝበሎ ይኸውን።

☗ምሕራድ الذبح፥ ንቑርባን ኢልካ ዝሕረድ ኩሉ ዒባዳ ምኳኑ ዝገልጽ መርትዖ ኣላህ ኣብ ሱረቱል ኣንዓም ኣያ 162፥

قُلْ إِنَّ صَلَاتِي وَنُسُكِي وَمَحْيَايَ وَمَمَاتِي لِلَّهِ رَبِّ الْعَالَمِينَ ﴿١٦٢﴾

لَا شَرِيكَ لَهُ ۖ وَبِذَٰلِكَ أُمِرْتُ وَأَنَا أَوَّلُ الْمُسْلِمِينَ ﴿١٦٣﴾

«ኦ ሙሓመድ ብርግጽ ስግዳነይ፣ ሕሩደይ፣ ህይወተይ (ህላወይን)፣ ሞተይን፣ ኩሉ ነቲ ዓለማት ዝፈጠረ ኣላህ እዩ፡ ንዕኡ ሽርካ ዝበሃል የብሉን፡ ብኡኡ እየ'ውን ተኣዚዘ፡ ኣነ ድማ ቀዳማይ ዘስለምኩ እየ በል» ይብል። ረሱልﷺ ከኣ ብወገኖም፥

((لعن الله من ذبح لغير الله)) رواه مسلم

«ንኣላህ ገዲፉ ንኻልእ ንቑርባን ኢሉ ዝሓረደ፡ ኣላህ ይርገሞ ካብ ርህራሄኡ የውጽኦ» ይብሉ።

☗መብጽዓ ምእታዉ النذر፥ ዒባዳ ምኳኑ ዝገልጽ መርትዖ ኣላህ ኣብ ሱረቱ ኣልኢንሳን ኣያ 7፥

يُوفُونَ بِٱلنَّذۡرِ وَيَخَافُونَ يَوۡمٗا كَانَ شَرُّهُۥ مُسۡتَطِيرٗا ۝٧

«መብጽዓኦም ይፍጽሙ ካብቲ መከራኡ ተስፋሕፊሒ ዝኾነ መዓልቲ'ውን ይፈርሑ እዮም» ዝበሎ ይኸውን።

እቲ ካልኣይ መሰረት ካኣ ሃይማኖት እስልምና ብመርትዖ ምፍላጥ እዩ፥

ሃይማኖት እስልምና ማለት ብውልቃውነት ናይ ኣላህ ኣሚንካ ክትቅበል ንዕኡ ተኣዚዝካ ክትምራሕ፡ ካብ ሽርክን ሰብ ሽርክን(ሽርኪ ካብ ዝገብሩ ሰባት) ናጻ ክትከውን ማለት'ዩ።

እስልምና ሰለስተ ደረጃታት ኣለውዎ ፥

ኢስላም ኢማን ኢሕሳን ይበሃሉ፡ ንነፍሲ ወከፍ ደረጃ ድማ ናይ ገዛእ ርእሱ ዓንድታት ኣለውዎ።

ኢስላም الإسلام፥ ኢስላም ሓሙሽተ ዓንድታት ኣለውዎ። ንሳቶም ከኣ፥

1. شهادة أن لاإله إلا الله وأن محمد رسول الله፥ ብዘይካ ሓደ ኣላህ ካልእ እነምልኾ የለን ሙሓመድ ድማ ልኡኽ ናይ ኣላህ እዩ ኢልካ ምምስካር፡
2. إقام الصلاة፥ ሰላት ብግቡእ ምቛም (ምስጋድ)፡

3. إيتاء الزكاة፥ ዘካት ምሃብ:
4. وصوم رمضان፥ ወርሒ ሮሞዳን ምጻምን:
5. وحج بيت الله الحرام፥ ናብ ካዕባ ኬድካ ሓጅ ምፍጻም እዮም።

شهادة أن لاإلـه إلا الله፥ ብዘይካ ሓደ ኣላህ ካልእ እነምልኾ የለን: ንዝብል ምምስካር መርትዖ ዝኾውን ኣላህ ኣብ ሱረት ኣልዒምራን ኣያ 81፥

شَهِدَ ٱللَّهُ أَنَّهُۥ لَآ إِلَـٰهَ إِلَّا هُوَ وَٱلْمَلَـٰٓئِكَةُ وَأُو۟لُوا۟ ٱلْعِلْمِ قَآئِمًۢا بِٱلْقِسْطِ ۚ لَآ إِلَـٰهَ إِلَّا هُوَ ٱلْعَزِيزُ ٱلْحَكِيمُ ﴿١٨﴾

«እነሆ ኣላህ ብዘይካ ንሱ ካልእ ጎይታ ከምዘየለ ባዕሉ መስኪሩ እዩ: መላኢካታትን ሰብ ፍልጠትን'ውን ከምኡ መስኪሮም እዮም: ብፍትሒ ዝቖመ ጎይታ: ብዘይካ ንሱ ካልእ ጎይታ ዝበሃል የለን: ንሱ ተዓዋትን ጥበበኛን'ውን እዩ» ይብል።
-ትርጉም ናይ لاإلـه إلا الله ብዘይካ ሓደ ኣላህ ብግቡእ እንግዝኦን እነምልኾን የለን: ማለት እዩ:
- لاإلـه (ዝምለኽ የለን) ማለት ንኣላህ ገዲፍካ ማለት ብዘይካ ኣላህ ካልእ ዝምለኽ ዘበለ ኩሉ ምንጻግ ማለት'ዩ።

- لا إله الا الله (ብዘይካ ኣላህ) ማለት መግዛእቲ (ዒባዳ) ንኣላህ ዝግበእ ምዃኑ ከምቲ ኣብ ግዝኣቱ ንዕኡ ሽርካ ዘይብሉ ኣብ ኣምልኾቱን መግዛእቱን (ዒባዳ)'ውን ሽርካ ከምዘይብሉ ምርግጋጽ ማለት'ዩ:: ብዝበለጸ ንትርጉማ ዘብርህ እዚ ዝስዕብ ቃል ናይ ኣላህ ኣሎ:: ኣላህ ኣብ ሱረቱ ዙኽሩፍ ኣያ 26-28 ፥

وَإِذْ قَالَ إِبْرَٰهِيمُ لِأَبِيهِ وَقَوْمِهِۦٓ إِنَّنِى بَرَآءٌ مِّمَّا تَعْبُدُونَ ﴿٢٦﴾ إِلَّا ٱلَّذِى فَطَرَنِى فَإِنَّهُۥ سَيَهْدِينِ ﴿٢٧﴾ وَجَعَلَهَا كَلِمَةًۢ بَاقِيَةً فِى عَقِبِهِۦ لَعَلَّهُمْ يَرْجِعُونَ ﴿٢٨﴾

«ኢብራሂም ንኣቡኡን ህዝቡን ኣነ ካብቶም ንስኻትኩም ተምልኽዎም ዘለኹም ነገራት ኩሎም ነጻ እየ: ብዘይካ እቲ ዝፈጠረኒ ጎይታ: ኣነ ንዕኡ ጥራይ እየ ዘምልኽ: ብርግጽ'ውን ንሱ ናብ ቅኑዕ መገዲ ክመርሓኒ እዩ' ዝበለሉ እዋን ዘክር ብድሕሪኡ ዝመጹ ወለድኡ ብሓደ ኣላህ ናብ ምእማን መታን ክምለሱ ከኣ ንዓኣ ነባሪት ቃል ገበራ» ይብል::

ኣብ ሱረት ኣልዒምራን ኣያ 64'ውን ኣላህ ፥

قُلْ يَـٰٓأَهْلَ ٱلْكِتَـٰبِ تَعَالَوْا۟ إِلَىٰ كَلِمَةٍ سَوَآءٍۭ بَيْنَنَا وَبَيْنَكُمْ أَلَّا نَعْبُدَ إِلَّا
ٱللَّهَ وَلَا نُشْرِكَ بِهِۦ شَيْـًٔا وَلَا يَتَّخِذَ بَعْضُنَا بَعْضًا أَرْبَابًا مِّن دُونِ ٱللَّهِ ۚ فَإِن
تَوَلَّوْا۟ فَقُولُوا۟ ٱشْهَدُوا۟ بِأَنَّا مُسْلِمُونَ ﴿٦٤﴾

«ኦ ኣቱም ሰብ መጽሓፍ ኣብ መንጎናን መንጎኹምን ትኸክለኛ (ቅኑዕ) ናብ ዝኾነ ቃል ንዑ: (ንሱ ድማ) እንትርፎ ንኣላህ እንተዘይኮይኑ ንኻልእ ከይንግዛእ ምስኡ ዝኾነ ይኹን ሽርካ ከይንገብር ንኣላህ ገዲፍና ገሌና ንገለ ኣማልኽቲ ጌርና ከይንሕዝን ዝብል እዩ በሎም:: እንብልና እንተደኣ ኢሎም ንሕና ኣስላም ምኻና መስከሩ በልዎም» ይብል::

- شهادة أن محمدا رسول الله ሙሓመድ ልኡኽ ናይ ኣላህ እዩ: ናይ ዝልብ ምስክር መርትዖ ዝኸውን ኣላህ ኣብ ሱረቱ ተዉባ ኣያ 128:-

لَقَدْ جَآءَكُمْ رَسُولٌ مِّنْ أَنفُسِكُمْ عَزِيزٌ عَلَيْهِ مَا عَنِتُّمْ حَرِيصٌ عَلَيْكُم
بِٱلْمُؤْمِنِينَ رَءُوفٌ رَّحِيمٌ ﴿١٢٨﴾

«ብርግጽ ካብ ዓሌትኩም (ካብ ነብስኹም) ሽግርኩም ንዕኡ ኣዝዩ ዝኸብዶ ብናታትኩም

እምነት(ምእማን) ኣዝዩ ዝግደስ ብምእመናን ድማ ኣዝዩ ርህሩህን ለዋህን ዝኾነ ልኡኽ'ዩ መጺኡኩም ዘሎ» ይብል:: ከምኡ'ውን ኣላህ ኣብ ሱረቱል ፈትሕ ኣያ 29:-

مُّحَمَّدٌ رَّسُولُ ٱللَّهِۚ وَٱلَّذِينَ مَعَهُۥٓ أَشِدَّآءُ عَلَى ٱلۡكُفَّارِ رُحَمَآءُ بَيۡنَهُمۡۖ

«መሓመድ ልኡኽ ናይ ኣላህ እዩ: እቶም ምስኡ ዘለው ሰዓብቱ ኣብ ልዕሊ ከሓድቲ ተረርቲ ክኾኑ ከለው ኣብ ነንሕድሕዶም ግና ርህሩሃት እዮም» ይብል::
-ንሰላትን ዘካትን መብርሂ (ተፍሲር) ናይ ተውሒድን ዝኸውን መርትዖ: ኣላህ ኣብ ሱረቱል በዪናህ ኣያ 5፥

وَمَآ أُمِرُوٓاْ إِلَّا لِيَعۡبُدُواْ ٱللَّهَ مُخۡلِصِينَ لَهُ ٱلدِّينَ حُنَفَآءَ وَيُقِيمُواْ ٱلصَّلَوٰةَ

وَيُؤۡتُواْ ٱلزَّكَوٰةَۚ وَذَٰلِكَ دِينُ ٱلۡقَيِّمَةِ ٥

«ንሳቶም ዝተኣዘዝዎ እኮ ኣምልኾት(ዒባዳ) ንኣላህ ጥራይ ብምግባር ብቅኑዕ ልቢ ንኽግዝኡ: ካልእ ገዲፎም ነቲ ቅኑዕ ሃይማኖት ንኽከታተሉ ሰላት ብግቡእ ንኽሰግዱን

(ንኽቑሙን) ዘካት ንኽውጽኡን ጥራይ እዩ:: እዚ እዩ ድማ እቲ ቅኑዕ ሃይማኖት» ይብል::
-ንጾም ዝኸውን መርትዖ ከኣ ኣላህ ኣብ ሱረቱል በቀራህ ኣያ 183 ፥

يَٰٓأَيُّهَا ٱلَّذِينَ ءَامَنُواْ كُتِبَ عَلَيۡكُمُ ٱلصِّيَامُ كَمَا كُتِبَ عَلَى ٱلَّذِينَ مِن قَبۡلِكُمۡ لَعَلَّكُمۡ تَتَّقُونَ ﴿١٨٣﴾

«ኦ ኣቱም ዝኣመንኩም ሰባት: ጎይታ ከምቲ ነቶም ቅድሜኹም ዝነበሩ ህዝብታት ጾም ዝወሰነሎም ካብ መቕጻዕቲ መታን ክትድሕኑ ንዓኻትኩም'ውን ጾም ወሲኑልኩም ኣሎ:»
-ንሓጅ ዝኸውን መርትዖ ድማ ኣላህ ኣብ ሱረት ኣልዒምራን ኣያ 97 ፥

فِيهِ ءَايَٰتُۢ بَيِّنَٰتٞ مَّقَامُ إِبۡرَٰهِيمَۖ وَمَن دَخَلَهُۥ كَانَ ءَامِنٗاۗ وَلِلَّهِ عَلَى ٱلنَّاسِ حِجُّ ٱلۡبَيۡتِ مَنِ ٱسۡتَطَاعَ إِلَيۡهِ سَبِيلٗاۚ وَمَن كَفَرَ فَإِنَّ ٱللَّهَ غَنِيٌّ عَنِ ٱلۡعَٰلَمِينَ ﴿٩٧﴾

«ካዕባ ንምብጻሕ ክእለት ንዘለዎም ሰባት ኣላህ ሓጅ ንኽፍጽሙ ግዴታ ገይሩሎም ኣሎ: ነዚ ዝኽሓደ ሰብ ድማ ኣላህ ካብ ፍጡራት ዘይደሊ ነብሱ ዝኽኣለ ጎይታ እዩ» ይብል::

ኢማን- إيمان(እምነት)፥ ጨናፍር ናይ ኢማን ሰብዓን ገለን ክኸውን እንከሎ እቲ ዝለዓለ ደረጅኡ لا إله إلا الله(ብዘይካ ሓደ ኣላህ ካልእ እነምልኾ የለን) ዝብል ቃል ክኸውን እንከሎ እቲ ዝተሓተ ደረጅኡ ድማ ዝጎዳእ ነገር ካብ መገዲ ምእላይ እዩ። ሓያእ(ምሕፋር)'ውን ሓደ ካብቲ ጨናፍር ናይ ኢማን እዩ። እቶም ቀንዲ ዓንድታቱ ድማ ሽዱሽተ እዮም፥

1- أن تؤمن بالله ብኣላህ ምእማን፡
2- وملائكته ብመላኢካታቱ
3- وكتبه ብመጻሕፍቱ
4- ورسله ብልኡኻቱ
5- واليوم الآخر ብመጨረሽታ መዓልትን
6- وبالقدر خيره وشره በቲ ሕማቕን ጽቡቕን ቀደር (ውሳነ) ምእማን'ዩ።

ናይዚ መርትዖ፡ ኣላህ ኣብ ሱረቱል በቀራህ ኣያ 177፥

۞لَّيْسَ ٱلْبِرَّ أَن تُوَلُّوا۟ وُجُوهَكُمْ قِبَلَ ٱلْمَشْرِقِ وَٱلْمَغْرِبِ وَلَـٰكِنَّ ٱلْبِرَّ

مَنْ ءَامَنَ بِٱللَّهِ وَٱلْيَوْمِ ٱلْـَٔاخِرِ وَٱلْمَلَـٰٓئِكَةِ وَٱلْكِتَـٰبِ وَٱلنَّبِيِّـۧنَ

«ሰናይ ግብሪ ማለት እኮ ገጽኩም ናብ ምብራቕን ምዕራብን ምዟር ማለት ኣይኮነን፡ እንታይ ደኣ ሰናይ ግብሪ ማለት ብኣላህ፣

ብመጨረሽታ መዓልቲ፣ ብመላኢካታት፣ ብመጻሕፍትን ነቢያትን ምእማን'ዩ» ይብል።

ናይ ቀደር መርትዖ ድማ ኣላህ ኣብ ሱረቱል ቀመር ኣያ 49፦

إِنَّا كُلَّ شَيْءٍ خَلَقْنَـٰهُ بِقَدَرٍ ﴿٤٩﴾

«ንሕና ንኹሉ ነገር ብቐደር(ብልክዕ) ኢና ፈጢርናዮ» ይብል።

ሰናይ ግብሪ إحسان፦ ኢሕሳን ሓደ ዓንዲ እዩ ዘለዎ: ንሱ ድማ ትርጉሙ ዝሓዘ ከይኑ: «ንስኻ ንኣላህ ልክዕ ከም እትሪኦ ዘለኻ ጌርካ ክትግዝእ: ወላ እኳ ንስኻ ኣይትርኣዮ ድኣምበር ንሱ ይርእየካ ከምዘሎ ፈሊጥካ ብቕንዕና ክትግዝእ ማለት'ዩ»። ናይዚ መርትዖ ድማ ኣብ ሱረት ኣናሕል ኣያ 128፦

إِنَّ ٱللَّهَ مَعَ ٱلَّذِينَ ٱتَّقَوا۟ وَّٱلَّذِينَ هُم مُّحْسِنُونَ ﴿١٢٨﴾

«ብርግጽ ኣላህ ምስቶም ፈራህቲ ረቢ ዝኾኑን ምስቶም ሰናይ ግብሪ ዝሰርሑን ሰባት'ዩ ዘሎ» ዝበሎ: ኣብ ሱረት ኣሹዓራእ ኣያ 218-220፦

وَتَوَكَّلْ عَلَى ٱلْعَزِيزِ ٱلرَّحِيمِ ﴿٢١٧﴾ ٱلَّذِى يَرَىٰكَ حِينَ تَقُومُ ﴿٢١٨﴾ وَتَقَلُّبَكَ فِى ٱلسَّٰجِدِينَ ﴿٢١٩﴾ إِنَّهُۥ هُوَ ٱلسَّمِيعُ ٱلْعَلِيمُ ﴿٢٢٠﴾

«ናብቲ ተዓዋትን ርህሩህን ዝኾነ ጎይታ ተጸጋዕ(ተወከል)፡ እቲ ንስግዳን ኣብ ትትንሳኣሉ እዋን(ዝርእየካ) እቲ'ውን ኣብ መንጎ ሰጋዶ ኣብ ትንቀሳቐሰሉ እዋን ዝርእየካ ጎይታ ናብኡ ተጸጋዕ፡ ንሱ ሰማዕን ፈላጥን ጎይታ እዩ» ዝበሎን:: ከምኡ'ውን ኣብ ሱረት ዩኑስ ኣያ 61፥

وَمَا تَكُونُ فِى شَأْنٍ وَمَا تَتْلُوا۟ مِنْهُ مِن قُرْءَانٍ وَلَا تَعْمَلُونَ مِنْ عَمَلٍ إِلَّا كُنَّا عَلَيْكُمْ شُهُودًا إِذْ تُفِيضُونَ فِيهِ ۚ

«ኣብ ዝኾነ ይኹን ጉዳይ ኣብ እትህልዉሉ እዋን፡ ዝኾነ ይኹን ክፋል ካብ ቁርኣን ኣብ እተንብቡሉ እዋን፡ ዝኾነ ይኹን ተግባር ኣብ እትፍጽሙሉ እዋን፡ ንስኻትኩም ኣብኡ ኣብ ዘለኹምሉ እዋን ንሕና ንከታተለኩም ኢና» ዝበሎን ይኸውን::

ካብ ሱና ናይ ረሱል ﷺ ነዚ መርትዖ ዝኸውን እቲ ዝወቱር ዝኸነ ብሓዲስ ጂብሪል ዝፍለጥ ኣሎ፡ ንሱ ድማ፥

عن عمر ابن الخطاب رضى الله عنه قالك ((بينما نحن جلوس عند رسول اللهﷺ ذات يوم إذ طلع علينا رجل شديد بياض الثياب شديد سواد الشعر لايرى عليه أثر السفر ولا يعرفه منا أحد حتى جلس إلى النبي ﷺفأسند ركبتيه إلى ركبتيه ووضع كفية على فخذيه وقال : يامحمد أخبرني عن الإسلام: فقال رسول الله ﷺ (الإسلام أن تشهد أن لاإله إلا الله وأن محمد رسول الله وتقيم الصلاة ،وتؤتى الزكاة، وتصوم رمضان، وتحج البيت ان استطعت إليه سبيلا) قال صدقت، فعجبنا له يسأله ويصدقه، قال: فأخبرنى عن الإيمان، قال: (أن تؤمن بالله، وملائكته، وكتبه، ورسوله، واليوم الآخر، وتؤمن بالقدر خيره وشره.) قال: صدقت. قال فأخبرنى عن الإحسان، قال: (أن تعبد الله كأنك تراه فإن لم تكن تراه فإنه يراك.) قال: فأخبرنى عن الساعة قال: (ماالمسئول عنها بأعلم من السائل.) قال: فأخبرنى عن أماراتها، قال: (أن تلد الأمة ربتها، وأن تري الحفاة العالة رعاء الشاء، يتطاولون

في البنـيان.) ثم انطلق مليا، ثم قال: (ياعمر أتدري من السائل؟) قلت: (الله ورسوله أعلم) قال: (إنه جبريل أتاكم يعلمكم دينكم.) *رواه مسلم*

«ዑመር ቢን ኸጣብ ረቢ ይርደየሎም፥ ካብ ዕለታት ሓደ መዓልቲ ንሕና ምስ ነብይ ﷺ ኮፍ ኢልና እንከሎና: ሓደ ኣዝዩ ጻዕዳ ክዳውንቲ ዝለበሰ: ኣዝዩ ጸሊም ጸጉሪ ዘለዎ: ናይ ገያሻይ ምልክት ዘይረኣዮ: ወላ ሓደ'ውን ካባና ዝፈልጦ ዘየለ ሰብኣይ መጸና'ሞ ኣብራኹ ናብ ኣብራኽ ናይ ነብይ ኣደጊፉ ኣእዳው ኣብ ልዕሊ ሰለፉ ኣንቢሩ ብትሕትና ኮፍ ድሕሪ ምባል፥ ኦ ሙሓመድ ብዛዕባ እስላምና እስኪ ግለጸለይ ክብል ሓተተ። ረሱልﷺ ክምልሱ ከለው፥ (እስላምና ማለት: 1-ብዘይካ ሓደ ኣላህ ካልእ ብሓቂ ዝምለኽ ከምዘየለን: ሙሓመድ'ውን ልኡኽ ናይ ኣላህ ምኳኑ ምምስካር: 2-ሰላት ብግቡእ ምስጋድ: 3-ዘካት ምውጻእ: 4-ወርሒ ሮሞዳን ምጻምን: እንተተኻእለካ ናብ ካዕባ ኬድካ ሓጅ ምፍጻምን እዩ) በልዎ። ሓቅኻ ከኣ በለ። ሽዕኡ ንሕና ሓቲቱ ከብቅዕ ተመሊሱ ሓቅኻ ምባሉ: ኣዝዩ ኣገረመና። ቀጺሉ ብዛዕባ *ኢማን(እምነት)*'ውን እስከ ግለጸለይ በለ፥ *ኢማን* ማለት ብኣላህ፣ ብመላኢካታቱ፣ ብመጻሕፍቱ፣ ብልኡኻቱ፣ ብመጨረሽታ መዓልቲን በቲ ዝተወሰነ ጽቡቕን ሕማቕን*(ብቀደር)* ክትኣምን እዩ በልዎ። ደጊሙ'ውን ሓቅኻ በለ: ቀጺሉ ከኣ፥

ብዛዕባ ኢሕሳን (ሰናይ ግብሪ) በል ግለጸለይ በሎም ኢሕሳን ማለት ንኣላህ ልክዕ ከምእትርኦ ዘለኻ ጌርካ ክትግዝኦ ወላ'ኳ ንስኻ ኣይትርኣዮ ደኣምበር ንሱ ይርእየካ እዩ ዘሎ) በልዎ። ብዛዕባ መጨረሻ መዓልቲ ድማ እስኪ ግለጸለይ በለ: (ብዛዕባኣ ተሓታቲ ካብ ሓታቲ ኣብሊጹ ዝፈልጦ የብሉን) በልዎ። በል እስኪ ብዛዕባ ምልክታታ ሓብረኒ*(ንገረኒ)* በለ: (ባርያ ኣዛዚታ ኣብ ትወልደሉ፣ ዕሩቓት ጥራሕ ኣእጋሮም ዝኸዱ፣ ስኡናት፣ ጓሶት ናይ ኣጣል ዝነበሩ ሰባት ሃብቲሞም ኣብ መንደቕ ምህናጽ ክወዳደሩ ክትርኢ ከለኻ) በልዎ። ወዮ ሓታታይ ሽዑ ንሽዑ ከደ'ሞ: ድሕሪ ቁሩብ እዋን ረሱል ﷺ (ኦ ዑመር እቲ ሓታታይ መን ምኳኑ ትፈልጦ ዶ?) ክብሉ ሓተቱኒ: ኣነ ከኣ ኣላህን ረሱልን ይፈልጡ: በልኩዎም (እምበኣር ንሱ ጅብሪል እዩ ሃይማኖትኩም ንኽፍልጠኩም እዩ መጺኢኩም ዝነበረ): በሉኒ» ዝበሎ ይኸውን።

እቲ ሳልሳይ መሰረት ድማ ንነብይና ሙሓመድ ﷺ ምፍላጥ'ዩ፥

ንሱም-ሙሓመድ ወዲ ዓብዱላህ ወዲ ዓብዱልሙጠሊብ ወዲ ሃሽም እዮም። ሃሽም ካብ ቁረይሽ: ቁረይሽ ካብ ዓረብ: ዓረብ ድማ ካብ ዘርኢ ኢስማዒል ወዲ ኢብራሂም እዮም: ንነብይናን ንዕኡን ዝለዓለ ሰላምን ርህራሄን ናይ ኣላህ ይውረዶም።

ዕድሜኡ'ዎ ሱሳን ሰለስተን(63) እዩ: ኣርባዓ(40) ዓመት ቅድሚ ነብይ ምዃኖም ከሕልፍዎ ከለው ዕስራን ሰለስተን 23 ዓመት ከኣ ነብይን ልኡኽን ብምዃን ኣሕለፍዎ: اقـرء ኣንብብ ብእትብል ኣያ «ነብይ» ክኾኑ ከለው يأيهـا المدثــر ኦ ኣታ ክዳን ተደራሪባካ ዘለኻ: ብእትብል ኣያ ከኣ ረሱል ኮኑ። ዓዶም መካ እዩ: ኣላህ ካብ ሽርኪ ንኽጠንቅቁ ናብ ተውሒድ ድማ ክጽውዑ ልኢኽዎም። ናይዚ መርትዖ ኣላህ ኣብ ሱረቱል መደሲር ካብ ኣያ 1-7፥

يَٰٓأَيُّهَا ٱلْمُدَّثِّرُ ﴿١﴾ قُمْ فَأَنذِرْ ﴿٢﴾ وَرَبَّكَ فَكَبِّرْ ﴿٣﴾ وَثِيَابَكَ فَطَهِّرْ ﴿٤﴾ وَٱلرُّجْزَ فَٱهْجُرْ ﴿٥﴾ وَلَا تَمْنُن تَسْتَكْثِرُ ﴿٦﴾ وَلِرَبِّكَ فَٱصْبِرْ ﴿٧﴾

«ኦ ኣታ ክዳን ተደራሪብካ ዘለኻ: ተንስእ ኣጠንቅቕ ንጎይታኻ'ውን ኣተዓባብይ(ኣኽብር) ክዳንካ'ውን ኣጽርይ: ካብ ጣኦት'ውን ረሓቕ ዝያዳ ንኽህቡኻ ኢልካ'ውን ኣይትለግስ: ምእንቲ ጎይታኻ ኢልካ'ውን ተዓገስ» ይብል። ትርጉም

قُمْ فَأَنذِرْ ﴿٢﴾

ናይ ካብ ሽርኪ ኣጠንቅቕ ናብ ተውሒድ ከኣ ጸውዕ ማለት'ዩ። ትርጉም

وَرَبَّكَ فَكَبِّرْ ﴿٣﴾

ናይ- ንጎይታኻ ብተውሒድ

ኣታዓባብዮ ተግባራትካ ከኣ ካብ ሽርኪ ኣጽርዮ
وَٱلرُّجۡزَ فَٱهۡجُرۡ ⑤
ማለት'ዩ። ትርጉሙ ካብ ጣኦት ርሓቕ። ካብኦም ምርሓቕ ዝፍጸም ከኣ ካብኣቶምን ካብ ዘምልኽዎምን ብምርሓቕን ካብኦምን ካብ ዘምልኽዎምን ናጻ ብምዃንን እዩ።
ረሱልﷺ ነዚ ንኽፍጽሙ ዓሰርተ(10) ዓመት ወሲዶሎም ካብኡ ናብ ሰማይ ዓረጉ'ሞ ኣብታ ለይቲ እቲኣ ሓሙሽተ ሰለዋት(ስግዳን) ተኣዚዞም። ኣብ መካ ሰለስተ ዓመት ጥራይ ሰጊዶም ብድሕሪኡ ናብ መዲና ስደት(ሂጅራ) ንኽገብሩ ተኣዘዙ።

ሂጅራ ማለት ካብ ዓዲ ሽርኪ ናብ ዓዲ እስልምና ካብ ዓዲ ቢድዓ ናብ ዓዲ ሱና ምስጋር ማለት'ዩ። ሑክሙ(ውሳኔኡ) ድማ ነዛ ህዝቢ'ዚኣ (እስልምና ንዝኸተል ኩሉ) ዓዲ ሽርኪ ገዲፉ ናብ ዓዲ እስልምና ንኽሃጅር፡ ዓዲ ቢድዓ ገዲፉ ናብ ዓዲ ሱና ንኽሃጅር ግዴታ እዩ። እዚ ነገር እዚ ከኣ ጸሓይ ብምዕራብ ክሳብ እትወጽእ ቀጻሊ እዩ። ናይዚ መርትዖ ኣላህ ኣብ ሱረቱ ኒሳእ ኣያ 97-99 ፥

إِنَّ ٱلَّذِينَ تَوَفَّىٰهُمُ ٱلْمَلَٰٓئِكَةُ ظَالِمِىٓ أَنفُسِهِمْ قَالُوا۟ فِيمَ كُنتُمْ ۖ قَالُوا۟ كُنَّا
مُسْتَضْعَفِينَ فِى ٱلْأَرْضِ ۚ قَالُوٓا۟ أَلَمْ تَكُنْ أَرْضُ ٱللَّهِ وَٰسِعَةً فَتُهَاجِرُوا۟ فِيهَا ۚ
فَأُو۟لَٰٓئِكَ مَأْوَىٰهُمْ جَهَنَّمُ ۖ وَسَآءَتْ مَصِيرًا ﴿٩٧﴾ إِلَّا ٱلْمُسْتَضْعَفِينَ مِنَ
ٱلرِّجَالِ وَٱلنِّسَآءِ وَٱلْوِلْدَٰنِ لَا يَسْتَطِيعُونَ حِيلَةً وَلَا يَهْتَدُونَ سَبِيلًا
﴿٩٨﴾ فَأُو۟لَٰٓئِكَ عَسَى ٱللَّهُ أَن يَعْفُوَ عَنْهُمْ ۚ وَكَانَ ٱللَّهُ عَفُوًّا غَفُورًا ﴿٩٩﴾

«እቶም ንእምነቶም ክብሉ ሂጅራ ብዘይምግባሮም ዓመጽቲ ነብሶም ዝኾኑ እሞ ኸኣ መላኢካታት /ኣብ በድር/ ዝቐተልዎም ሰባት(መላኢካታት ንዓኣቶም) ኣብ ምንታይ ኔርኩም በልዎም: ንሕና ኣብ መሬት ጭቁናት ኔርና በሉ: መታን ክትስደዱ መሬት ናይ ኣላህ ገፋሕ ኣይነበረትን ድያ? በልዎም: እዚኣቶም መናበሪቶም ጀሃነም እያ ክንደይ ትኽፍእ መምለሲት እያ ኸ? ብዘይካ እቶም ድኹማት ተበላሒቶም ዘይክእሉን መንገዲ ዘይፈልጡን ዝኾኑ ደቂ-ተባዕትዮን ደቂ-ኣንስትዮን: ቆልዑትን: ነዚኣቶም ብርግጽ ኣላህ ምሕረት ክገብረሎም እዩ: ኣላህ እኮ ይቅረ በሃሊ መሓሪ እዩ» ዝበሎን ከምኡ'ውን ኣብ ሱረቱል ዓንከቡት ኣያ 56፥

يَـٰعِبَادِيَ ٱلَّذِينَ ءَامَنُوٓاْ إِنَّ أَرۡضِي وَٰسِعَةٞ فَإِيَّـٰيَ فَٱعۡبُدُونِ ﴿٥٦﴾

«ኦ ኣቱም ዝኣመንኩም ባሮተይ ብርግጽ መሬተይ ገፊሕ እያ: ስለዚ ንዓይ ንብሕተይ ጥራሕ ተገዝኡ» ዝብሉን ይኸውን።

ሸኽ ኣልበቓዊ (البغوي) ረቢ ይርሓመሉ ብዛዕባ እዘን ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሳ ዓንቀጻት መውረዲአን ምኽንያት (ሰበብ ኣንዙል) ክገልጹ «እንተ ናይታ ቀዳመይቲ (ሱረት ኒሳእ) መውረዲ ምኽንያት ገለ ሰባት ካብ ተቐማጦ መካ ዝመስለሙ ኔሮም እንተኾነ ግና ምስ ረሱል ﷺ ሂጅራ ክይከዱ ኣብ መካ ተረፉ ፈተነ ወሪድዎም ገለ ካብኣቶም ኣብ በድር ምስ ሙሽሪኪን ተሰሊፎም ኣንጻር እስልምና ተዋግኡ በዚ ምኽንያት'ውን ኣላህ ምኽኒቶም ኣይተቐበሎን እኳ ደኣ ዓስቦም ጀሃነም ገበሩ»።

«ናይታ ካልኣይቲ (ሱረት ዓንክቡት) ንኽትወርድ ምኽንያት ዝኾነ ኸኣ ገለ ሰባት'ውን ካብ ሙስሊሚን ሂጅራ ክይከዱ ኣብ መካ ዝተቐመጡ ኔሮም: ንሳቶም ግና ድኹማት መገዲ ዘይፈልጡን ኣረገውትን ቆልዓ ሰበይትን ብኻልእ ቅቡል ምኽንያት ዝተረፉ ሰባት ስለ ዝኾኑ ኣላህ

ምእመናን ኢሉ ጸዊዖዎም: ሂጅራ ንኽገብሩ ድማ ኣተባቢዑዎም» ይብል ።

ሂጅራ ነባሪ ምኧኑ ዝገልጽ ዘረባ ናይ ረሱል ﷺ፥

((لا تنقطع الهجرة حتى تنقطع التوبة ، ولا تنقطع التوبة حتى تطلع الشمس من مغربها))

«ሂጅራ ኣየቋርጽን'ዩ ክሳብ ቶባ ዘቋርጽ: ቶባ'ውን ኣየቋርጽን'ዩ ክሳብ ጸሓይ ብምዕራብ ትበርቕ» ዝበልዎ ይኸውን።

ረሱል ﷺ ኣብ መዲና ክቕመጡ ምስ ጀመሩ ዝተረፈ ሕግታት ናይ እስልምና ማለት ከም ዘካት ጾም ሓጅ ኣዛን ናብ ጽቡቕ ምእዛዝ ካብ ሕማቕ ምውጋዝን ካልኦት ሕግታትን ተኣዚዙ። ነዚ ንኽፍጽሙ ዓሰርተ(10) ዓመት ወሲዱሎም: ሃይማኖት ነባሪ ኮይኑ ንሰም ﷺ ግና ካብዛ ዓለም ብሞት ተፈልዩ: ካብዛ ዓለም ይፈለዩ ደኣምበር ጽቡቕ ዘበለ ኩሉ ንሰዓብቶም ሓቢሮም እዮም: ካብ ሕማቕ ዝኾነ ኩሉ'ውን ንሰዓብቶም ኣጠንቂቖሞም እዮም።

እቲ ረሱል ﷺ ንሰዓብቶም ዝሓበርዎም ጽቡቕ ነገር ተውሒድን(ውልቃዊ ኣምልኾት ናይ ኣላህ ምዕቃብ) ኣላህ ዝፈትዎ ዝረድዮሉን ዝቕበሎን ዘበለ ኩሉ ክኸውን ከሎ: እቲ ንሰዓብቶም ዝኸልከልዎም ሕማቕ ነገር ድማ

ሽርክን ካልእ ኣላህ ዝጸልኡን ዘይቅበሎን ዘበለ ኩሉ እዩ። ኣላህ ንዐኦም ዝለኣኾም ንዝተፈልየት ቀቢላ ዘይኮነስ ንመላእ ህዝቢ እዩ። ደቅ-ሰባትን ኣጋንንትን ብጠቕላላ ንኣብይ ንኽእዘዙ ግዴታ ጌርዎ እዩ፡ ናይዚ መርትዖ ዝኾውን ኣላህ ኣብ ሱረቱል ኣዕራፍ ኣያ 158፥

قُلْ يَـٰٓأَيُّهَا ٱلنَّاسُ إِنِّى رَسُولُ ٱللَّهِ إِلَيْكُمْ جَمِيعًا

«ኦ ኣቱም ደቂ ሰባት ኣነ ናባኻትኩም ናብ ኩሉኹም ዝተለኣኽኩ ልኡኽ ናይ ኣላህ እየ፡ በሎም» ይብል። ኣብ ሱረቱል ኣሕቃፍ ኣያ 29 ኣላህ፥

وَإِذْ صَرَفْنَآ إِلَيْكَ نَفَرًا مِّنَ ٱلْجِنِّ يَسْتَمِعُونَ ٱلْقُرْءَانَ

«ኦ ሙሓመድ ገለ ጉጅለ ካብ ኣጋንንቲ ቁርኣን ንኽሰምዑ ናባኻ ዝለኣኽናልካ እዋን ዘክር» ይብል።

ኣላህ ብረሱልﷺ ኣቢሉ ሃይማኖት መሊእዎ እዩ፡ ናይዚ መርትዖ ኣላህ ኣብ ሱረቱል ማኢዳ ኣያ 3፥

ٱلۡيَوۡمَ أَكۡمَلۡتُ لَكُمۡ دِينَكُمۡ وَأَتۡمَمۡتُ عَلَيۡكُمۡ نِعۡمَتِي وَرَضِيتُ لَكُمُ ٱلۡإِسۡلَٰمَ دِينٗاۚ

«ኣነ ሎሚ ንዓኻትኩም ሃይማኖትኩም መሊኣልኩም እየ፡ ሽሻየይ'ውን ኣብ ልዕሌኹም መሊኣዮ(ፈጺመዮ) እየ፡ ሃይማኖትኩም እስልምና ንኽኸውን ድማ ንዓኻትኩም ፈትየልኩም ኣለኹ» ይብል።

ረሱል ﷺ ከም ዝሞቱ መርትዖ ዝኸውን ኣላህ ኣብ ሱረት ዙመር ኣያ 30 ፡-

إِنَّكَ مَيِّتٞ وَإِنَّهُم مَّيِّتُونَ ﴿٣٠﴾ ثُمَّ إِنَّكُمۡ يَوۡمَ ٱلۡقِيَٰمَةِ عِندَ رَبِّكُمۡ تَخۡتَصِمُونَ ﴿٣١﴾

«ንስኻ መዋቲ ኢኻ፡ ንሳቶም'ውን መወቲ እዮም፡ ብድሕሪኡ ንስኻትኩም ኣብ የውመልቂያማ ኣብ ቅድሚ ጎይታኹም ነንሕድሕድኩም ክትከራኸሩ ኢኹም» ይብል።

ሰባት ድሕሪ ምማቶም ክትንስኡ እዮም። ነዚ ኣመልኪቱ ኣላህ ኣብ ሱረት ጣሃ ኣያ 55፡-

۞مِنۡهَا خَلَقۡنَٰكُمۡ وَفِيهَا نُعِيدُكُمۡ وَمِنۡهَا نُخۡرِجُكُمۡ تَارَةً أُخۡرَىٰ ﴿٥٥﴾

«ካብኣ(ካብ መሬት) ፈጢርናኩም ናብኣ'ውን ክንመልሰኩም ኢና: ካልኣይ ግዜ'ውን ካብኣ ክነውጽኣኩም ኢና» ይብል:: ከምኡ'ውን ኣብ ሱረት ኑሕ ኣያ 17-18 ፥

وَٱللَّهُ أَنۢبَتَكُم مِّنَ ٱلۡأَرۡضِ نَبَاتًا ﴿١٧﴾ ثُمَّ يُعِيدُكُمۡ فِيهَا وَيُخۡرِجُكُمۡ إِخۡرَاجًا ﴿١٨﴾

«ኣላህ ካብ መሬት ፈጢርኩም ብድሕሪኡ'ውን ናብኣ ክመልሰኩም'ዩ: ብድሕሪ'ውን ካብኣ ከውጻኣኩም እዩ» ይብል:: ብድሕሪ ትንሳአ ከኣ ብተግባሮም ክሕሰቡ እዮም: ናይ ተግባሮም ዓስቢ'ውን ክረኽቡ እዮም:: ነዚ ብዝምልከት ኣላህ ኣብ ሱረቱ ነጅም ኣያ 31፥

لِيَجۡزِيَ ٱلَّذِينَ أَسَٰٓـُٔواْ بِمَا عَمِلُواْ وَيَجۡزِيَ ٱلَّذِينَ أَحۡسَنُواْ بِٱلۡحُسۡنَى ﴿٣١﴾

«ነቶም ሕማቕ ዝሰርሑ ብዝሰርሕዎ ክኽፍሎም እየ፡ ነቶም ጽቡቕ ዝሰርሑ ድማ ጀና ክከፍሎም እየ» ይብል።

ብትንሳኤ ዝኽሕድ ሰብ ሑክሙ(ፍርዱ) ካፍር እዩ። ነዚ መርትየ ዝኸውን ኣላህ ኣብ ሱረት ተቓቡን ኣያ 7፥

زَعَمَ ٱلَّذِينَ كَفَرُوٓاْ أَن لَّن يُبۡعَثُواْۚ قُلۡ بَلَىٰ وَرَبِّي لَتُبۡعَثُنَّ ثُمَّ لَتُنَبَّؤُنَّ بِمَا عَمِلۡتُمۡۚ وَذَٰلِكَ عَلَى ٱللَّهِ يَسِيرٞ ۝٧

«እቶም ዝኽሓዱ ሰባት ፍጹም ዘይትንስኡ ኮይኑ ተሰሚዑዎም፡ ፍጹም ከምኡ ኣይኮነን። ኦ ሙሓመድ በቲ ጎይታይ ይኹነኒ ብርግጽ ክትትንስኡ ኢኹም፡ ብድሕሪኡ ብዝሰራሕኩሙዎ ኩሉ ክትንገሩ ኢኹም። እዚ ከኣ ንኣላህ ኣዝዩ ቀሊል እዩ፡ በሎም» ይብል።

ኣላህ ንልኡኻቱ ዝለኣኾም፡ ነቶም ንብሕቱ ዝግዝእዎ ደቂ ሰባት ብጀና ንኽበስሩ ነቶም ሽርኪ ዝገብሩ ድማ ካብ መቕጻቲ ናይ ሓዊ ንኽጠንቕቑ'ዩ ሊኢኽዎም። ናይዚ መርትየ ኣላህ ኣብ ሱረቱ ኒሳእ 1665፥

رُّسُلٗا مُّبَشِّرِينَ وَمُنذِرِينَ لِئَلَّا يَكُونَ لِلنَّاسِ عَلَى ٱللَّهِ حُجَّةُۢ بَعۡدَ ٱلرُّسُلِۚ

« ደቅ ሰባት ኣብ ቅድሚ ኣላህ መርትዖ ንኸየቅርቡ(ኣይፈለጥናን ንኸይብሉ) ኣበሰርትን ኣጠንቀቕትን ዝኾኑ ልኡኻት ልኢኽና» ይብል።

መጀመርታ ዝተላእከ ልኡኽ ኑሕﷺ እዩ: ናይዚ መርትዖ ኣላህ ኣብ ሱረት ኒሳእ ኣያ 163፦

﴿إِنَّآ أَوْحَيْنَآ إِلَيْكَ كَمَآ أَوْحَيْنَآ إِلَىٰ نُوحٍ وَٱلنَّبِيِّـۧنَ مِنۢ بَعْدِهِۦ﴾

«ንሕና ከምቲ ንኑሕ ብድሕሪኡ ዝነበሩ(ንዝመጹ) ነቢያት ዝለኣኽና ንዓ'ኻ'ውን ልኢኽናካ ኢና» ይብል።

ኣላህ ካብ ነብይ ኑሕ ክሳዕ ነብይ ሙሓመድ ዝላኣኾም ልኡኻት ንኣላህ ንበሕቱ ጥራይ ኣምልኹ ኢሎም ዝእዝዙን ካብ ጣኦት'ውን ረሓቑ ብምባል ዝኽልክሉ'ዮም ነሮም» ነዚ መርትዖ ዝኸውን ኣላህ ኣብ ሱረቱ ናሕል ኣያ 36፦

﴿وَلَقَدْ بَعَثْنَا فِى كُلِّ أُمَّةٍ رَّسُولًا أَنِ ٱعْبُدُوا۟ ٱللَّهَ وَٱجْتَنِبُوا۟ ٱلطَّـٰغُوتَ﴾

«ናብ ኩሎም ህዝቢ ንኣላህ ተገዝኡ ካብ ጣኦት'ውን ርሓቑ ብምባል ብርግጽ ልኡኽ ልኢኽና ኢና» ይብል።

ኣላህ ንደቅ-ሰባት ብጣእት ንኽኽሕዱ ብቁልቃውነቱ ንኽኣምኑ ግዴታ ገይርሎም እዩ:: ኢብኒ ልቀይምይም ረቢ ይርሓመሉ ብዛዕባ እንታይነት ናይ ጣኣት ከምዚ ይብል:

ጣኣት ማለት፥ ደረት ዝጣሓሰ ባርያ: ሰባት ንኣላህ ገዲፎም ንዕኡ ዘምልኽዎ ዝኽተልዎ ዝምእዘዝዎ እዩ:: ቁጽሪ ናይ ጣኣታት ማእለያ ዘይብሉ ብዙሕ እኳ እንተኾነ እቶም ቀንዲ ካብኣቶም ግና እዞም ዝስዕቡ ሓሙሽተ እዮም፥

1-ኢብሊስ(ሰይጣን)

2-እናፈተወ ዝግዝእዎ(ንኽግዝእዎ ዝፈቱ):

3-ንኽምልኽዎ ሰባት ዝዓደመ:

4-ገለ ካብቶም ሱዉር ነገራት (ዒልመልቐይብ) እፈልጥ'የ ዝበለን:

5-ብቲ ኣላህ ዘውረዶ ቁርኣን ገዲፉ ብኻልእ ዝፈረደን ኢዩ::

ናይ'ዚ መርትዖ ዝኸውን ኣላህ ኣብ ሱረቱል በቀራህ ኣያ 256፥

لَآ إِكْرَاهَ فِى ٱلدِّينِ ۖ قَد تَّبَيَّنَ ٱلرُّشْدُ مِنَ ٱلْغَىِّ ۚ فَمَن يَكْفُرْ بِٱلطَّـٰغُوتِ

وَيُؤْمِنۢ بِٱللَّهِ فَقَدِ ٱسْتَمْسَكَ بِٱلْعُرْوَةِ ٱلْوُثْقَىٰ لَا ٱنفِصَامَ لَهَا ۗ وَٱللَّهُ سَمِيعٌ

عَلِيمٌ ﴿٢٥٦﴾

«ኣብ ሃይማኖት ምግዳድ ዝበሃል የለን፡ ብርግጽ እቲ ቅኑዕ መንገዲ ካብቲ ጎባጥ ተገሊጹ እዩ። እቲ ብጣኦት ክሒዱ ብኣላህ ዝኣምን ሰብ ብርግጽ መብተኺ ዘይብላ ጽንዕቲ ገመድ ሓዘ(ጨበጠ)፡ ኣላህ ድማ ሰማዕን ፈላጥን እዩ» ይብል።

ኣብ ሱረት ናሕል ኣያ 36'ውን ኣላህ፥

وَلَقَدْ بَعَثْنَا فِى كُلِّ أُمَّةٍ رَّسُولًا أَنِ ٱعْبُدُوا۟ ٱللَّهَ وَٱجْتَنِبُوا۟ ٱلطَّـٰغُوتَ

«ናብ ኩሎም ህዝቢ ንኣላህ ተገዝኡ ካብ ጣኦት'ውን ርሓቑ ዝብል ልኡኽ ብርግጽ ልኢኽና ኢና» ይብል። ከምኡ'ውን ኣላህ ኣብ ሱረት ኣሊ ዒምራን ኣያ 64 ፥

يَـٰٓأَهْلَ ٱلْكِتَـٰبِ تَعَالَوْا۟ إِلَىٰ كَلِمَةٍ سَوَآءٍۭ بَيْنَنَا وَبَيْنَكُمْ أَلَّا نَعْبُدَ إِلَّا

ٱللَّهَ وَلَا نُشْرِكَ بِهِۦ شَيْـًٔا وَلَا يَتَّخِذَ بَعْضُنَا بَعْضًا أَرْبَابًا مِّن دُونِ ٱللَّهِ ۚ فَإِن

تَوَلَّوْا۟ فَقُولُوا۟ ٱشْهَدُوا۟ بِأَنَّا مُسْلِمُونَ ﴿٦٤﴾

«ኦ ሙሓመድ፡ ኦ ኣቱም ሰብ መጽሓፍ ኣብ መንጎናን ኣብ መንጎኹምን ትኽክለኛ(ቅኑዕ) ናብ ዝኾነ ቓል ንዑ፡ ንሱ ድማ እንትርፈ ንኣላህ እንተዘይኮይኑ ንኻልእ ከይንግዛእ ምስኡ ዝኾነ

ይኹን ሽርካ ክይንገብር ንኣላህ ገዲፍና ገለና ንገለና ኣማልኽቲ ጌርና ክይንሕዝ(ዝብል እዩ) በሎም: እምብልና እንተዳኣ ኢሎም: ንሕና ኣስላም ምኻና መስክሩ በልዎም» ይብል:: እዚ እዩ ድማ እቲ ቀንዲ ናይ ((لا إلــه إلا الله)) ብዘይካ ኣላህ እነምልኾ የለን ዝብል ትርጉም::

ረሱል ﷺ'ውን ኣብ ዘረቦኦም፥

((رأس الأمر الأسلام ، وعموده الصلاة، وذروة سنامه الجهاد في سبيل الله))

«ልዕሊ ኩሉ ነገር እስልምና እዩ: ዓንድታቱ ኸኣ ሰላት ክኸውን ከሎ: ዝለዓለ ክፍሊ ደረጃኡ ድማ ምእንቲ ኣላህ ኢልካ ብመንገዲ ምቅላስ እዩ:» ይብሉ::

والله أعلــم وصــلى الله وســلم علــى نبيــنا محمد وعلى آله وصحابته أجمعين

<u>ብመከተብ ዳዕዋ ኡመልሓማም ቅድሚ ሕጂ ብትግርኛ ዝተተርጎሙ መጻሕፍቲ:-</u>

1. ሓጅ፣ ዑምራን ዝያራን ኣብ ትሕቲ ጽላል ኪታብን ሱና-ን
2. ኣገባብ ኣሰጋግዳ ናይ ረሱል ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም
3. ስሕርን ሓደጉኡን
4. ናይ ሰላት ኣገባብ
5. እተን ክልተ ምስክርነትን ትርጉመ'ንን ነፍሰወከፈን ዝሓተኦ ግዴታን
6. ደገፌታን ነጸጌታን ኣብ እስልምና

<u>ኣብ ቀረባ እዋን ክትሕተም ተዳልያ ዘላ</u>

ትርጉም ተፍሲር ጁዙእ ዓማ

مطابع الحميضي
تلفون: ٤٥٨١٠٠٠ فاكس: ٤٥٩٢٢١٧

الأصول الثلاثة وأدلتها

تأليف

فضيلة الشيخ / محمد بن سليمان التميمي (رحمه الله)

اللغـة التجرينـيا (اريتريـــا)

إصدار

المكتب التعاوني للدعوة والإرشاد وتوعية الجاليات بأم الحمام

من إصدارات ومطبوعات المكتب
التعاوني للدعوة والإرشاد وتوعية الجاليات بأم الحمام

م	اسم الكتاب	المؤلف	اللغة
[illegible]	[illegible]	الشيخ عبد العزيز بن باز	[illegible]
[illegible]	[illegible]	[illegible]	[illegible]
[illegible]	[illegible]	[illegible]	[illegible]
[illegible]	[illegible]	[illegible]	[illegible]
[illegible]	[illegible]	[illegible]	[illegible]

الأصول الثلاثة وأدلتها

اللغة التجرينيا (إريتريا)

تأليف

محمد بن سليمان التميمي

ترجمة

المكتب التعاوني للدعوة والإرشاد وتوعية الجاليات بأم الحمام

إصدار

المكتب التعاوني للدعوة والإرشاد وتوعية الجاليات بأم الحمام

تحت إشراف وزارة الشئون الإسلامية والأوقاف والدعوة والإرشاد

ت ٤٨٢٦٤٦٦ فاكس ٤٨٢٧٤٨٩ ص.ب ٣١٠٢١ الرياض ١١٤٩٧

٤٥٨١٠٠٠ - فاكس: ٤٥٩٢٢١٧